ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ

الجبهة الديمقراطية الثورية الارترية

**ERITREAN REVOLUTIONARY DEMOCRATIC FRONT**

# ደምዳሚ መግለጺ፡
## 10ይ-ስሩዕ ኣኼባ ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት፡
## ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)።

ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ) መበል 10ይ-ስሩዕ ኣኼብኡ ብዕለት 15ን 16 ሚያዝያ 2013 ኣሰላሲሉ።

ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ሰደግኤ፡ ኣብ 10ይ-ስሩዕ ኣኼብኡ፡ ንህሉው ፖለቲካዊ ኩነታት ሃገርና ብፍላይ፡ ንዕኡ ዝጸልዉ ከባብያውን ዓለማውን ኩነታት ድማ ብሓፈሻ፡ ገምገመ። ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ኣጋጢሙዎ ዘሎ ከቢድ ውሽጣዊ ቅልውላው ናብ ቅርዓት ወጺኡ፡ ኣብ ናይ መወዳእታ ዓቕሊ ጽበታዊ ዓገርገር ኣትዩ፡ ናብ ኣዝዩ ድሑር ጎስጓስ ብምውፋር፡ ሓድነት ህዝብታት ኤርትራ ብምልሕላሕ፡ ዕምሪ ስልጣኑ ዘናውሓሉ ናይ መወዳእታ ከንቱ ፈተነ ብዝተፈላለዩ ስልትታት የካይድ ምህላዉ ገምገመ።

ብ21 ጥሪ 2013 ኣብ ፎርቶ ዝተኻየደ ታሪኻዊ ስርሒት፡ ኣብ ህዝብታትና ብሓፈሻ፡ ኣብ መንእሰያትና ድማ ብፍላይ፡ ኣንጻር ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ዝካየድ ቃልሲ፡ ብዝለዓለ ውሕልነት፣ ሰፊሕ ናይ ህዝብታትና ደገፍን ናይ ሓይልታት ምክልኻል ንጡፍ ተሳትፎን ተወሃሂዱ፡ ብዘተኣማምን ክዕወት ከምዝኽእል ብምግንዛብ ናብ ውዑይ ምንቅስቓስ ክሰጋገሩ ዘብቀየም ታሪኻዊ ፍጻመ ምዃኑ ኣቐመጠ። ብሽም ዓለም ለኻዊ ጉጅለ ቅልውላው (International Crisis Group) ዝፍለጥ ትካል፡ ንህሉው ኩነታት ሃገርና ኣመልኪቱ ዘካየዶ መጽናዕትን ዘቐመጠ ፍታሕን ንዲሞክራስያዊ ቃልስና ዘሎዎ ትርጉም ብዕምቆት ገምገመ። ህዝብታትና ብሓፈሻ፡ መንእሰያት ኤርትራ ድማ ብፍላይ፡ ንፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ካብ ስሩ ንምውጋድ፡ ቃልሶም ኣብ ዘወዓዕዩሉ ዘለዉ እዋን፡ በዚ ጉጅለ'ዚ ዝቐረበ ፍታሕ፡ ንዲሞክራስያዊ ቃልስና ዘበርዕንን፡ ንፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ብምጽግጋን፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታትና ክወርድ ንዝጸንሐ ናይ ከባቢ 22 ዓመታት ገደብ ኣልቦ ጭቆናን ሕሰምን ብካልእ መልክዕ ብዝሽፍአ ክቕጽል ዝገብር ዘይቅኑዕ ፍታሕ ምዃኑ ገምገመ። ዓለም ለኻዊ ጉጅለ ቅልውላው(ICG)፡ ንህሉው ድኻም ሓይልታት ተቓዉሞ መዝሚዙ፡ ንፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ብካልእ መልክዕ ጸጋጊንካ ሂወት ዝሰርዓሉ ኩነታት ክፈጥር ምሕላኑ፡ ህሉው ኩነታት ህዝብታትናን መጻኢ ዕድሎምን ዘይዓጠ፡ ንስርዓት-ምሕደራ ህግደፍ ብዝሽፍአ ክቕጽሉዎ ዝሕልኑ ጉጅለታትን ጎይቶቶምን ዘላቒ ረብሓ ንምሕላው ዝዓለመ ትካል ምዃኑ ብምግምጋም፡ ኣጥቢቑ ከምዝቃወሞ ኣቐመጠ። ምእንቲ መሰረታዊ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ዝቃለሱ ፖሎቲካዊ ሓይልታትን ውጹዓት ህዝብታትናን፡ ነዚ ብዓለም-ለኻዊ ጉጅለ ቅልውላው(ICG) ተኣሚቱ ዘሎ ፍታሕ፡ ሓደገኛነቱ ብምግንዛብ ዓቕምታቶም ኣወሃሂዶም ንምፍሻሉ ክቃለሱዎ ጻውዒት ኣቕረበ።

ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ውድብና ኣብ 10ይ-ምዱብ ኣኼብኡ፡- ነቲ ብተበግሶን ጻውዒትን ፈጻሚት ባይቶ፡ ዝተኻየደ ናይ ወከልቲ ፖሎቲካዊ ውድባትን ሲቪክ ማሕበራትን ሰሚናር፡ ሓያልን ድኹምን ጎድንታቱ ብዕምቆት ገምገመ። ፈጻሚት ባይቶ፡ ውሽጣዊ ፖሎቲካዊ ቅልውላው ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጥን መንቀሊታቱን ብምፍታሽ፡ ብሄራውን ሃይማኖታውን ተዋጽኦ ዝሓለወ፡ ናይ መንእሰያት፣ ደቂ ኣንስትዮን ሙሁራት ተሳትፎ ኣብ ግምት ዘእተወ፡ ካብ ባይቶ ወጻኢ ዘለዉ ፖሎቲካዊ ሓይልታት ተሳትፎ ዝተቐበለ፡ ብቑዓት ኣባላት ዝሓቖፈ ኣሰናዳዊት ሽማግለ ብምቛም፡ ናብ ዕዉት 2ይ-ሃገራዊ ጉባኤ ንሰጋገረሉ ኩነታት ንምፍጣር ዝጀመሮ ናይ ዘተን ገምጋምን መደብ ደገፉ ገለጸ። እዚ ተጀሚሩ ዘሎ ናይ

ዘተን ልዝብን ሰሚናር፡ ከይዱ ከይዱ መሰረታዊ ጸገማትናን ሕጽረታትናን ኣለሊና፣ ኣብ ባይታ ዝግለጹሉ መልክዓት ኣነጺርና፣ ሕቶ ተሓታትነት ደረጃ ብደረጃ ኣቐሚጥና፡ ናብ ሓባራዊ ፍታሕ እንሰጋገረሉ ኣንፈት ተታሒዙ፡ ብዕቱብነት ክድፋኣሉ ጸውዒቱ ኣቕረበ።

ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ውድብና፡ መንእሰያትና ብሓፈሻ፡ ስምረት ኤርትራውያን መንእሰያት ንድሕነት ሃገር ድማ ብፍላይ፡ ከቢዶሞም ዘለዉ ብደሆታትን ጸገማትን ብግቡእ እናመከቱ፡ ናብ ዕዉት ጉባኤ ንምብጻሕ ዘካይዱዎ ዘለዉ ጻዕሪ ደገፉ ገለጸ። መንእሰያት ኤርትራ፡ ኣብ ሃገራዊ ጉዳዮም ብንቕሓት ክዋስኡን፡ ኣብ መስርሕ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ወሳኒ ተርኦም ክጻወቱን ዝዕንቅፉዎም ናይ ተሞኩሮን ብቕዓትን ሕጽረታት ኣብ ምፍታሕ፡ ንመሰረታዊ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ዝቃለሱ ፖሎቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ፡ ምድግጋፎም ከዕዝዙ ኣዘኻኸረ።

ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ሰደግኤ፡ ንህሉው ኩነታት ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር(ኤደግ) ብምግምጋም፡ ሓያላት ጎድንታቱ ንምጥንኻር፡ ድኹማት ጎድንታቱ ድማ ንምእራም ካብኡ ዝጥለብ ከበርክት ዘለዎ ቅሩብነት ኣረጋገጸ። ብደረጃ ኤደግ፡ ሰኩላር(መንግስቲ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ሃይማኖት፡ ከምኡ'ውን ሃይማኖት ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት መንግስቲ ምትእትታው ዘይፈቅድ) ሰፊሕ ሕብረ-ብሄራዊ ግንባር ንምምስራት ሒዙዎ ዝጸንሖን ዘሎን ህጹጽ እዋናዊ ዕማም ኣብ ምዕዋት ከምዝቃለስ ኣረጋገጸ።

ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ውድብና፡ ኣብ ልዕሊ ስደተኛታት ኤርትራውያን፡ ኣብ ሱዳንን ግብጺን(ሲናይ) ክወርዶም ዝጸንሐን ዘሎን ኣዝዩ መሪርን ዘሰቕቕን ግፍዕታት ዝተሰመዮ ዓሚቕ ጓሂ ብምቕማጥ፡ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ብሓፈሻ፡ ንሰብኣዊ መሰላት ደቂ ሰባት ዝጣበቑ ማሕበራት ድማ ብፍላይ፡ ግቡእ ቱኽረት ክገብሩሎም ጸወዐ። መሰረታዊ መፍትሒ ሽግርና ብቐንዱ፡ ኣብ ኢድና ምህላዉ ብምንጻር፡ ህዝብታት ኤርትራ ነዚ ንብርሰቶም ከይደቀሰ ዝሸቅል ዘሎ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ንምውጋድ ቃልሶም ክጠናኽሩ ከምዝግባእ ጸውዒቱ ኣመሓላለፈ።

ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ሰደግኤ፦ ኣብ 10ይ ስሩዕ ኣኼብኡ ዝለዓለ ቱኽረት ሂቡ ዝዘተየሉ ኣርእስቲ፡ ኣብ'ዞም ዝሓለፉ ልዕሊ ሰለስተ ወርሓት፡ ከም ቀንዲ ዕማም ሒዙ ዝተዋፈረሉ፡ ቅድመ ምድላው 6ይ ውድባዊ ጉባኤና እዩ። ዘተኣማምን ዓወት 6ይ ውድባዊ ጉባኤና፡ ኣብ ብቑዕን ጽፉፍን ቅድመ ምድላው ከምዝምስረት ካብ ዘለዎ ጽኑዕ እምነት ብምብጋስ ዝሓንጸጾም መደባት፡ ብወሳኒ መልክዖም ከም ዝተዓመሙ ገምገመ። ኣብ ዝሓለፉ ልዕሊ ሰለስተ ወርሓት ክዕመሙ ዝሓዞም፡ ግን ድማ ዘይተፈጸሙ መደባት መበገሲኦም ብምንጻር፡ ኣብ ዝመጹ ወርሓት ምስ'ቶም ሓደሽቲ መደባት ተደሚሮም ክፍጸሙ ዝርዝር ትልሚ ሓንጸጸ።

ኣብ መደምደምታ፡ ኣባላት ውድብና 6ይ-ውድባዊ ጉባኤ ብዓወት ንምስልሳል ዘካይዱዎ ዘለዉ ዕቱብ ጻዕርን ልዑል ተወፋይነትን ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ምስጋንኡ ይገልጽ። ኣጠናኺሮም ክቕጽሉዎ ድማ ይጽውዕ። ደገፍቲ ውድብናን ፈተውቲ ዲሞክራስያዊ ቃልስናን ዝኾኑ ኤርትራውያንን መሓዙት ቃልስናን፡ 6ይ-ውድባዊ ጉባኤና ኣብ ምዕዋት ደገፎም ከበርክቱ ጸውዒት ብምምሕልላፍ ኣኼብኡ ብዓወት ዛዘመ።

ብጽፉፍን ብቑዕን ቅድመ ምድላው፡
6ይ ውድባዊ ጉባኤና ንምዕዋት ክንቃለስ ኢና!!
ዝኽርን ክብርን ንጀጋኑ ሰማእታትና!!

ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ሰደግኤ፡
16 ሚያዝያ 2013.